# መቓልሕ ድሕነት

ብቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ዝሕተም ወርሓዊ መጽሔት

ቀዳማይ ሕታም

ታሕሳስ 2020

## ትሕዝቶ መጽሔት

- ቃል መጽሔት
- ዝተፈላለዩ ዜናታት
- ነጻ ዓምዲ

## ዝኸበርኩም ኣንበብቲ

ጽሑፋትኩምን ርእይቶኹምን ክትልእኩልና ተስፋ ንገብር። ምስ መጽሔት "መቓልሕ ድሕነት" በዚ ዝስዕብ ኢ.መይል ተራኸቡ !!
ensf.info@gmail.com

## ርሑስ በዓል ልደትን ሓድሽ ዓመት 2021 ይግበረልና!!

ብኣጋጣሚ በዓላት ልደተ ክርስቶስን፣ ሓድሽ ዓመት 2021ን ፣ ንኹሎም ምእንቲ ፍትሕን ዲሞክራስያዊ ለውጥን ዝቃለሱ ዘለዉ ኤርትውያን ሓርበኛታትን ኣመንቲ ክርስትናን ቤተ ሰቦምን፣ ከምኡ'ውን ንመላእ ህዝብናን፣ ኣመንቲ ክርስትና ኣብ ዓለምን፣ እንቋዕ ናብ'ዚ ክቡር በዓላት'ዚ ኣብጸሓና ብምባል፣ ርሑስ በዓላት ክገብሮን፣ ኣብ ሃገርና ድማ ራህዋን ሰላምን ፍትሕን ሒዙልና ክመጽእ ብስም ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ልባዊ ምንዮትና ነመሓላልፍ።

ልዑል ፈጣሪ ዓመተ ራህዋን ሰላምን ስኒትን ይግበረልና!!

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

*ቃል መጽሔት*

# ዓለም ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ኮቪድ 19

*ቀዳማይ ሕታም መጽሔት “መቃልሕ ድሕነት” ኣብ ዓለምን ዞባን ብዙሕ ምዕባሌታትን ተረክቦታትን ዝሓዘለት ዓመተ 2020 ትፋነወና ኣብ ዘላትሉ ኣጋጣሚ ናብ ክቡራት ኣንበብቲ ይዝርጋሕ ኣሎ። ካብቶም ቀንዲ ተረኽቦታት 2020 ኣብ ማንን ድኻን ሃብታምን፣ ሙዕቡልን ድሑርን፣ ዓለትን ወገንን ከይ ፈለየ ንኩሉ ዘጥቀዐ ኮሮና ቫይረስ ወይ ብኮቪድ 19 ዝፍለጥ ለበዳ ነበረ።*

*ኣብ መዳይ ቫክሲንን መድሃኒትን ክማራመሩ ዝጸንሑ ሰብ ሞያ፣ ጸረ ኮቭድ19 ቫክሲን ተረኺቡ ዝብል ሓበሬታ ምስ ዘርግሑ፣ ኣብ ዓለምና ዓቢ ናይ ሓጎስን ተስፋን ሃዋሁ ተፈጥረ። እቶም ናይ ዓለምና ሃባትም ን ድማ መጀመርታ ነቲ ቫክሲን ክታበት ክወስዱ ተዳለዉ። ይኹን ዳ’ምበር ኢቲ ትስፉው ሃዋሁ ግዜ ከይ ወሰደ፣ ብናህሪ ዝዝርጋሕ ካብ ኮቪድ 19 ዝሓየለን ናይ ምልባዕ ተክእሎ ኣለዎ ዝባሃልን ሓድሽ ዘርኢ ቫይረስ ኮሮና ተራእዩ ከም ዘሎ ማዕከናት ዜና ከቃልሓ ጀሚረን።*

*ኣብዚ መዳይ ‘ዚ ምርምር ዘካይዱ ዘለዉ ሊቃዉንቲ፡ ኢዚ ተረኺቡ ዘሎ ፈውሲ፡ ቫክሲን ጥራሕ ዲዩ ወይስ ምሉእ ፈውሲ ንዝብል ጉዳይ ዛጊት ብሩህ መልሲ ኣይሃቡን ኣለዉ። ከምኡ ውን ነዚ ሓዲሽ ተቐላቒሉ ዘሎ ቫይረስ ኣብ ምብዳህ የገልግል ዶ ይኸውን ዝብል ንጹር መልሲ የልቦን።*

*ብዛዕባ እንታይነት ኮቭድ 19ን ኣብ ባህርያት ናይ’ዚ ተረኺቡ ዘሎ ቫክሲን እውን እንተኾነ ጌና ኣብ ማንን ፈላጣት ተመራመርቲ ክሳብ እዚ ሰዓት’ዚ ንጹርነት ኣሎ ክበሃል ኣጸጋሚ ኮይኑ ይርከብ።*

*ዝተፈላለዩ ሃገራትን ኣህዛብን ንሓደ ዓመት ዝኣክል ነዚ ሓደገኛ ለበዳ ንምብዳህ ኩሉ ዓይነት ፈተነታት ከም ዘካይዱ ዝተኸታተልናዮ ጉዳይ ኢዩ። ኣብዚ መዳይ ብዝምልከቶም ኣካላት ዝወሃብ ዝነበረ መምሪሒታትን ማዕዳን ኣህዛብ ዓለም ክኸተልዎ ጸኒሖምን ኣለዉን። ይኹን’ምበርም ክሳብ ሕጂ ክዝረበሉ ዝካኣል ኣወንታዊ ውጽኢት ዘይምህላዉን ክሳብ ሕጂ ዘተኣማምን ፈውሲ ዘይምራካቡን ዓለምና ገና ኣብ ዓቢ ነውጺ ኢያ ዘላ።*

*ስለ’ዚ ዓመተ 2020 ብዘይ ተወዳዳሪ “ዓመት ኮቭድ 19” ዝብል ስም ክትለብስ ምጋናን ኣይኮነን። ደቂ ሰባት ዝውንኑዎ ኩሉ ዓቅምታት ብምብኻን፣ ኣቓልቦኦም ብምሉኡ ነዚ ተላባዒ ቫይረስ ብኸመይ ይምክትዎ ምህዞታት ኣብ ምፍጣር 2020 ሓሊፋ ክበሃይ ይከኣል።*

*ዓበይቲ ሃገራትን ብኣህዛቦም ዝግደሱ መንግስታትን ኮቪድ 19 ካብ ዝተረኣየሉ ዕለት ኣትሕዘን ነዚ ተላባዒ ለበዳ ብኸመይ ክብዳህ ይከኣልን፣ ጠንቅታቱ ኣብ ምክልካልን፣ሕክምናውን፣ ቆጠባውን፣ ስነ ፍልጠታውን ዓቅምታተን ኣዋፍረን ንክዕወቱሉ ክሰርሑ ከለዉ፡ ዞባና ዝሓወሰ ስሉስ ዓለም ዝገዝኡ ዘለዉ መለኸቲ ስርዓታት ግን ብኣንጻሩ ነዚ ዕዲል ‘ዚ ብምምዝማዝ ኩሉ ዝውንኑዎ ዓቅምን ሓይልን ተጠቒምም ኣብ ስልጣን ዕድምኦም ንምንዋሕን ሸውሃቶም ንምርዋይን ኣህዛብ ንኣደዳ ጥምየትን ሕማምን ድኽነትን ከሳጥሕዎም ይርከቡ። ስርዓት ኤርትራ ኣብዚ ናይ ምልካውያን መስርዕ ቀዳማይ ቦታ ዝሓዘ ስርዓት ምዃኑ ምስክርነት ዘድልዮ ጉዳይ ኣይኮነን።*

*ስለ’ዚ ገለ ህዝብታት ዞባና ብስንኪ ምልካውያን ስርዓታት ሰላምን ምርግጋእን ቅሱን ህይወትን ኣብ ሃገሮም ዝሰኣኑ፣ ኮቪድ 19 ወላ‘ውን ከምዚ ኣብ ገለ ሃገራት በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ እንተ በጽሐን፣ ኩሎም ንሓደጋ እንተ ተሳጠሑን፡ ቫክሲን ወይ መከላከሊ ክረኽቡ ኢልካ ምሕሳብ ኣዚዩ ከቢድ ኢዩ። ስለ‘ዚ ከኣ እቲ ቀንዲ ሻቅሎት ናይ’ዞም ኣህዛብ ብዝተሓተ ደረጃ ስንቂ ብኸመይ ኣብዛ ዓለም ብሰላም ይነብሮ ኢዩ።*

*እዳለውቲ መጽሔት*

# ዝተፈላለዩ ዜናታት !!

- ## ብሰንኪ ለበዳ ክሮና መጀመርታ መዋቲ ኣብ ኤርትራ ከም ዝተመዝገበ ተሓቢሩ፡

ኣብ ኤርትራ ብሰንኪ ለባዳ "ፋይረስ ክሮና" ቀዳማይ ኤርትራዊ ህይወቱ ዝሳኣነ ከም ዝተመዝገበ ዝምልከቶ በዓል መዚ ክንክን ጥዕና ሓቢሩ። ሚንስቲ ዜና ኤርትራ ብረቡዕ ዕለት 23 ታሕሳስ 2020 ኣብ ዘውጸኦ ሓበሬታ፣ ምኒስትሪ ጥዕና ኤትራ ኣብ ውሽጢ ዝሓለፈ 24 ሰዓታት 45 ዝኾኑ ብለበዳ ክሮና ዝተለኸፉ ኤርትራውያን ምህላዉም ኣፍሊጡ ክብል ገሊጹ። ጠቕላላ ብለበዳ ክሮና ዝተጠቕዑ ኣብ ኤርትራ 877 ሰባት ክኾኑ ከለዉ፣ 599 ከኣ ከም ዝሓወዩ ተፈሊጡ።

- ## ኣቦ ወንበር ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ ንማእሰርቲ ተጋደልቲ ውድብ ኣመልኪቱ ዝኾነ ይኹን ናይ መእሰሪኦም ምኽኒያት የለን ኢሉ።

ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ ኣቦ መንበር ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ (ግሃድኤ) ድሕሪ'ቲ ኣብ ትግራይ ዝተወለዐ ኲናት ዘጋነፈ ማእሰርት ተጋደልቲ ኣባላት ግሃድኤ ብፈደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጲያ ዝኾነ ምኽንያት የብሉን ክብል ገሊጹ። ብምቕጻል፣ ኣቦ መንበር ግሃድኤ መሪሕነት ውድብ ኲነታት ናይዞም ብጾት እዚኦም ሃለዋት ብግቡእ ይከታተሎ ምህላዉ ድሕሪ ምሕባር፣ ኣብ 1995 ውድብና ብተጋደሎ ሓርነት ኤርትራ - ሰውራዊ ባይቶ ዝጽዋዓሉ ኣብ ዝነበረ፣ ተመሳሳሊ ኲነታት ኣጋኒፉ ምንባሩን፣ ውድብና ጽዑቕ ዲብሎማሲያዊ ጻዕርታት ንምድሓን እቶም ዓበይቲ ካድራት ውድብ ኣብቲ እዋን ውጽኢታዊ ከም ዝነበረ ኣዘኻኺሩ።



ብተወሳኺ፣ እዞም እሱራት ብጾትና ናብ ኢድ ዲክታትሮያዊ ስርዓት ኣስመራ ከየረክብዎም ዝብል ዓቢይ ስግኣት ከምዘለዎ ዶር. ዩሱፍ ገሊጹ። ምኽኒያቱ ድማ ናይዚ ኹሉ ኣብዝሓለፈን ሕጂ ኣጋጢሙ ዘሎ ማእሰርቲ ብቀረባ ኢድ ናይ ስርዓት ኣስመራ ክህልዎ ከም ዝኽእል ኣረጋጊጹ።

ዶር. ዩሱፍ ኣብቲ ምስ ተለቪዥን ኤሪ ሳት ዝገበሮ ቃለ መጠይቅ ካልእ ኣብ ዝተፈላለየ ዛዕባታት ካብ ዝሃቦ መግለጺ ውሽጣዊ ውግእ ኢትዮጲያ ኣብ ከባቢ ሃገራት ይኹን ኣብ ኤርትራ ከስዕቦ ዝክእል ጽልዋ ኣዚዩ ከም ዘሰጎኦን፣ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘስዕቦ ከቢድ ናይ ሰባትን ንብረትን ክሳራታት ኣዚዩ ዘሰምብድ ክኸውን ከም ዝኽእል ድሕሪ ምእማት ዝኸይድ ዘሎ ውግእ ደው ህዝብና እቲ ጉዳይ ሸው ኣጸቢቑ ክበርሃሉ ምኳኑ ኣረጋጊጹ።

- ## መራሕቲ ህወሓት ንምሓዝ ፣ ቦታኦምዝሓበረ ገንዘብ ክዋሃብ ምኳኑ ታኣዊጁ:

ሚኒስቲሪ ምክልኻል ኢትዮጵያ ቦታ ናይቶም ተሰዊሮም ዘለዉ መሪሕነት ህወሓት ንዝሓበረ 256 ሽሕ ዶላር ኣመሪካ ክዋሃቦ ምኳኑ ኣዊጁ። 60 ዝኾኑ ዝድለዩ መራሕቲ ህወሓት፣ ኣስማትን ስእልታትን ከም ዝተዘርገሐ ማዕከናት ዜና ሓቢሮም። ብተወሳኺ ንዓሰርተታት ወታሃደራዊ ሞኮንናት ካብ ስራሕ ዝእግድ ትእዛዛት ከም ዝተዘርገሐ'ውን ብተወሳኺ ተፈሊጡ። ብካልእ መዳይ ቀዳማይ ሚንስተር ኢትዮጲያ ዶር. ኣብይ ኣሕመድ ነቲ ቦታዊ ማለሽያ ዝተሳተፉዎ ኣብ ዶብ ሱዳን ዝተኻየደ ውግእ፣ ብቀረባ ይከታተሎ ከምዘሎ ኣፍልጡ። ምስዚ ብምትሕሓዝ፣ እዚ ጉዳይ ነቲ ኣብሞንጎ ክልቲኡ ሃገራት ዘሎ ዝምድና ዝሃሲ ኣይኮነን ክብል ገሊጹ። ኣስዕቡ እቶም ነዚ ፍልልያት ዘሳውሩ ኣካላት ዑምቀት ናይቲ ኣብ ሞንጎ ሱዳንን ኢትዮጵያን ዘሎ ዝምድና ዘይፈልጡ እዮም ክብል'ውን ከም ዝገለጸ ማዕከናት ዜና ብሰፊሑ ኣቃሊሐን።

ምስዚ ናይ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ዝወጸ መግለጺ ተታሓሒዙ ዝተዘርገሐ ሓበሬታ ከምዝብሎ ግን ፣ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣምባሳደር ሱዳን ኣብ ኣዲስ ኣብ ኣባብ ብምጽዋዕ፣ ኢትዮጵያ ንሓልታት ሰራዊት ሱዳን መሬት ኢትዮጵያ ሰንጥቁ ምእታዉ ከምዘይ ትቕበሎ ኣፍልጣ ዝብል ኢዩ። እዚ ክሲ ብውገን መንግስቲ ሱዳን ኣሎታ ዝተዋህበሉ ኮይኑ፣ ሰራዊት ሱዳን ኣብ ውሽጢ መሬት ሱዳን ከሎ ብኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊኡ መጥቃዕቲ ብምፍጻም፣ 4 ወትሃደራት ክሞቱ ከለዉ 12 ወታሃደራት ከኣ ከም ዝተወግኡን ኣፍሊጡ።

ድሕሪዚ ተረኺቦ ዓብዱልፋታሕ ኣልቡርሃን ኣቦ መንበር ላዕለዋይ ባይቶ ሱዳን (ፕረዚደንት)፣ ኣብ ዶባት ክልቲኡ ሃገራት ከምዝበጸሐ፣ ከምኡ ድማ ምስ ኢትዮጵያ ዝራኸብ ዶብ ሱዳን ዝዚፍ ሓይሊ ከምዝተላእከን ተፈልጡ።

ሱዳን ናብ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃን ኢጋድን ውድብ ኢጋድን፣ መሬቱ ብኢትዮጵያ ከም ዝተደፍረ ዘፍልጥ ጥርዓን ኣቕርቡ ኣሎ ክብል "ሶና" ዝተባህለ ዜርጋሒ ዜና ሱዳን ኣፍሊጡ።
ብካልእ ማዕከናት ከምዝታሓበረ ድማ ብዕለት 19 ናይዚ ወርሒ ብፍሉይ ሓይሊ ማለሽያ ክልል ኣምሓራ ኣብ ዝለ ቦታታት ክልል ዓፋር ኢትዮጵያን ሰለስተ ማዓልቲ ዝቀጸለ መጥቃዕትታት ተኻይ ዝብል መግለጺ ተዘርጊሑ ምህላዉ ተፈሊጡ። ዝወረደ ክሳራታት ግን ዛጊት ኣይተሓበረን ። እቲ ዝተዘርገሐ ሓበሬቱ ከም ዘረጋግጹ ፈደራላዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ንመሊይሻታት ኣምሓራ ከምዘይዓገቶ ኣፍሊጡ።

- ## ቤት ፍርዲ ፍትሒ ኢውሮጳ ንሃንጋሪያ ቅጥዒ ምቕባል ስደተኛታት ብምጥሓስ ከሲሱ፡

ሃንጋሪ ንኣተሓሕዛ ጉዳይ ስደተኛታት ብዝምልከት፣ ኣብ ክንዲ ብመሰረት ሕግታት ስደተኛታት ኢውሮጳ፣ ናይ መርመራን ምምማይን መስርሕ ተካይድ፣ ከብረቶም ብዘይሕሉ ኣገባብን ምስ ናይ ኢውሮጳ ሕግታትን መትከላትን ስደተኛታት ዝጻረር መስርሕ ብምኽታላን፣ ኣብቲ ተዓቚቦሙሉ ዘለዉ መደበራት ናይ ምእሳርን ምስጓግን ስጉምትታት ብምውሳዳ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ኢውሮጳ ኮኒኑ።

## ድሕነት ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ትግራይ ሓላፍነት መንግስቲ ኢትዮጵያ እዩ ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር ዕለት 4 ኣብ ምንን ፈደራላዊ ሰራዊት ኢትዮጵያን ሰራዊት ክልል ትግራይን ኲናት ካብ ዝጅመር ኣትሒዙ ንኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ትግራይ ዘጓንፎም ዘሎ ሽግራት ምሉእ ዝርዝራቱ ብንጹር`ኳ እንተ ዘይተፈልጠ፣ ብዓቢ ሻቕለት ንኪታተሎ ዘሎና ጉዳይ ኮይኑ፣ ሰራዊት ኤርትራ ኣብ መደበራቶም ብምእታው ንብዙሓት ብሓይሊ ኣገድዱ ንኤርትራ ከም ዝመለሰን፣ ዝተቐትሉ'ውን ከምዘለዉ ተፈሊጡ።
ንኣተሃላለዋኦም ብዘገድስ፣ ጉዳይ ስደተኛታት ብዝምልከቶም ትካላት ይኹን፣ ኣብቲ ቦታ ዝርከቡ ሓለፍቲን ነጻ ዜናዊ ማዕከናትን ብዘይምህላዎም፣ ጉዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝተሓላለኸ ኮይኑ ኣሎ። ኣብ ከምዚ ዝኣምሰለ ኩነታት መንግስቲ እትዮጵያ ነዞም ስደተኛታት ንምድሓንን ንምሕጋዝን፣ ብመሰረት ኣዳማሳዊ ሕግታትን ወዑላትን፣ ናታ ሓላፍነት ምኧኑ ክፍለጥ ዘለዉ ጉዳይ ኢዩ። ስለዚ ድማ ብጉዳይ ስደተኛታት ዝግደስ ኣካላት ይኹን ነጻ ዜናዊ ማዕከናት ንመደበራት ናይ'ዞም ስደተኛታት ብህጹጽ ክበጽሑ ንምሕጸን።
ብሰንኪ ካብ ነዊሕ እዋን ኣብ ኤርትራተፈጥሩ ዘሎ ሕማቅ ፖለቲካዊ ኩነታት ፣ ብዙሓት ኤርትራዊያን ሃገሮም ሓዲጎም ፣ ብጎረባብቲ ሃገራት ኣቢሎም ናብ ካልእ ሃገራት ንምብጻሕ፣ ምድረበዳን ባሕርን ሰጊሮም ኣብቲ ዝዕቀቡሉ ቦታ ክይበጽሑ ንሓደጋ ዝተሳጠሑ ብዙሓት እዮም ።እዚ ድማ ኩሉ ዓለም ዝፈልጦ'ካ እንተኾነ ግቡእ ኣቓልቦ ዛጊት ዘይረኸበን ኢዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ፣ እቲ ሽግር ኣብ ሓደገኛ ጥርዚ በጺሑ ይርከብ። ካብዚ ክውንነት'ዚ ብምንብቃል፣ መንግስቲ ኢትዮጵያ ጉዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብዝምልከት ህዝቢ ኤርትራ ዘሕልፎ ዘሎ ኣሲቃቂ ህይወት ኣብ ግምት ብምእታው፣ ህይወት ስደተኛታት ይኹን ድሕነቶም፣ ከም ዋጋ ዝምድና ምስ ስርዓት ኢሳያስ ንኸይገብሮ ኣትሪና ንምሕጸ። ሓላፍነቱ ዘንጊዑ እዚ ዝተባህለ ምሕጽንታ ምስ ዘየተግብር ግን፣ ኣብ ቅድሚ ሕብረተሰብ ዓለም ሰብኣውን ሞራላውን ከምኡ'ውን ሕጋውን ሓላፍነት ከም ዝስከም ርዱእ ኢዩ።

ድምጺ ዲሞክራሲያዊት ኤርትራ

# ነጻ ዓምዲ

*"መቓልሕ ድሕነት" ዝተፈላለየ ርእይቶታት ንምቕራብ ዝእንግድ ነጻ ዓምዲ ከፊቱ እነሆ። እብዚ ዓምዲ ዝቐርብ ጸሓፈኡ ዝሕተተሉ ደኣ'ምበር ናይ ግሃድኤ ርእይቶ ዘንጸባርቕ ከኸውን ናይ ግድን ኣይኮነን።*

# ኣብ ትግራይን ምብራቕ ሱዳንን ተኸሲቱ ዘሎ ሸግራትን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝህልዎ ጽልዋታትን !!

*ብ/ ወደሸኽ ኣል ኢረትሪ - 12 ታሕሳስ 2020*

እዚ ኣርእስቲ ክንበብ ከሎ፣ ዝምድና ዘይብሉ ክልተ ነገራት ዘታኣሳሰረ እኳ እንተመሰለ ፣ ኣንባቢ ትሕዝትኡ ምስ ፈለጠ ኣብ ሞንጎዚ ክልተ ኣርእስቲ ዘሎ ዝምድናን ምትእስሳርን ክበርሃሉ ተስፋ ይገብር።

ከምቲ ዝፍለጥ ኣብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ፖለቲካዊ ለውጥታት ዝተራኣየ ድሕሪ'ቲ ብ 1918 ኣብ ክልቲኡ ሃገራት ዝነበረ ፖለቲካዊ ስርዓታት ዝኣለየ ህዝባዊ ምልዕዓላት ኮይኑ፣ ፖለቲካዊ ዓውዲ ኢትዮጵያ ፣ ብህዝባዊ ወያኔን ዲሞክራስያዊ ሰልፊ ኣምሓራን ሰልፊ ህዝብታት ደቡብን ፣ ዝላዓለ ኢድ ዝሓዘን፣ ኣብይ ኣሕመድ ዝመርሖ ሰልፊ ኦሮሞን ብዝካየድ ልፍንቲ ይምራሕ ነበረ። ግደ ናይ'ታ ንኣስታት ሰላሳ ዓመታት ዝኣክል ስልጣን ይኹን ምሕዝነት ጨቢጣ ዝጸነሐት ህዝባዊ ሓርነት ወያነ ትግራይ ድማ እንዳ ኣንቆልቆለ ከደ ። ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ንሕና ኣብ ሞንጎ ህዝቢ ትግራይን፣ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ድማ ከም ሰልፍን ፈሊና ከም እንርኢ ከተሓሳስብ እፈቱ።

እዚ ሓድሽ ምሕዝነት፣ ፖለቲካውያን ኡሱራት ምፍታሕን ፣ ዜናዊ ሓርነታት ምፍቃድን ፣ ኣብ ኤርትራ ዝነበሩ ተቃወምቲ ዕጡቃት ውድባት ኢትዮጵያ ሃገሮም ንኽምለሱ ዝገበረ ፖለቲካዊ ጽገናዊ ስጉምትታት ወሲዱ። ኣብ ኢትዮጵያ ድማ ፣ መተካእታ ናይቲ ብሄራዊ ፈደራላዊ ስርዓት ፣ "ምድማር" ብዝብል ሓሳብ ክትካእ ጀሚሩ። ኣብ መዳይ ወጻኢ ዝምድናታት ኣብይ ኣሕመድ ኣብ ጎሮባብቲ ሃገራት ተኸታታሊ ዑደት ብምክያድ ዝነበረ ፍልልያት ከም ዝእለ ገበረ። ኣብ ሞንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ናይ ሰላም ስምምዓት ብምኽታም ድማ ብልጫ ኖቢል ንሰላም ተቀብሉ።

ስለዚ ኣብ መንጎ ህወሓትን ማእከላይ መንግስትን ጋብ ክፍጠር ጀመረ። ኣብ ሞንጎኦም ዝነበረ ገመድ ዝተበትኸሉ ምኽንያት ድማ ፣ እቲ ንሰላሳ ዓመት ዝኣክል ዝጸነሔ ብምሕዝነት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ተተኸሉ ዝነበረ ስርዓት ብሄራዊ ፈደረይሽን ብምድማር ዝብል ሓሳብ ስለ ዝተተከኤ እዩ። ሓደ ዘገርም ተወሳኺ ነገር ድማ ፣ ገለ ካብቲ ኣብ ሞንጎ ኢሳያስን ወያኔን ፍልልይ ካብ ዝፈጠረ ምኽንያት እውን ኢሰያስ ንብሄራዊ ፈደረይሽን ብምጽራሩ እዩ። እዚ ነገር ድማ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ፣ መበገሲ ናይ ኢሲያስ እንታይ ኮን ይኾውን ዘብል ሕቶታት የልዕል ነይሩ ፣ ሕጂ ግን መርገጻቱን ኣካየዳኡን ይበርህ ብምህላዉ እንታይነቱ ንምግማት ጸገም ዘለዉ ኣይኮነን።

ኣብ ሞንጎ ህወሓትን ኣብይ ኣሕመድን ዝተረኸበ ፍልልያት ምስ ማዕበለ መሪሕነት ህወሓት ካብቲ ኣብ ማእከላይ መንግስቲ ዝነበሮም ሓላፍነታት ስሒቦም ናብ ክልል ትግራይ ተጓዕዙ። እቲ ጉዳይ ከምዚ እናበለ ናብ ውግእ ገጹ ተሰጋገረ። ኣብ መጀመርታ ወርሒ ሕዳር 2020 ድማ ኣብ ወታሃደራዊ ምርጻም ማዕቢሉ፣ ዋና ከተማ ክልል ትግራይ መቀለ ሓውስካ ድማ ዝተፈላለያ ከተማታት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ማእከላይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣቲየን ።

እቲ ወጥሪ ናብ ውግእ ቅድሚ ምምዕባሉ ጸረ ትግራይ ኣብ ዜናዊ ማዕከናትን ብገለ ተሰማዕቲ ኢትዮጵያዊያን ኣካላት ከይትረፈ ወፈራታት ክካየድ ጸኒሑ እዩ። ገሊኦም ጠንቂ ናይዚ ክገልጹ ከሎዉ መበገስኡ ግብረ መልሲ ናይቲ ህወሓት ኣብ ስልጣን ከሎዉ ዝተፈጸመ ብልሹው ምምሕዳር እዩ ይብሉ።

ሰራዊት ኤርትራ ኣብቲ ዝተካየድ ውግእ ምስ ማእከላይ መንግስቲ እትዮጵያ ወጊኖም ከም ዝተሳተፉ ብዝተፈላለየ ምንጮታት ተረጋግጹ እዩ። ንብረት ህዝብን ትካላት መንግስትን ተዘሪፉ ንኤርትራ ኣቲዩ ዝብል ሓቤረታታት'ውን ኣሎ ። እዚ ሓቂ እንተኾይኑ ድማ ፈጽሙ

*ንህዝቢ ኤርትራ ዘይመስል ኣነዋሪ ተግባር ኮይኑ፣ ኣብ መጻኢ ዝምድናታት ህዝቢ ትግራይን ህዝቢ ኤርትራን ሓደገኛ ስምብራት ዘሕድር እዩ ።*

*ጸብጻባት ከም ዝሕብሮ፣ ኣብ ልዕሊ ዓሰርተታት ኣሽሓት ኤርትራዊያን ስደተኛታት ኣብ ኢትዮጵያ ዝተፈላለየ ግፍዕታት ከም ዝተፈጸመን፣ ገለን ዝሞቱ፣ ገለን ከኣ ብግዲ ንኤርትራ ዝመለስዎም ከም ዘለዉን ተፈሊጡ ኣሎ። እዚ ዝተፈጸመ ግፍዒታት፣ ውግእ ምስ ተጀመረ እቶም ብስደተኛታት ዝግደሱ ኣካላት ካብቲ ቦታታት ብምልቃቆም ሰማዒ እዝኒ ይኹን ምስክር ኣብ ዘይርከቦ ኩነታት እዩ ተፈጺሙ ። እዚ ተግባራት እዚ ኢሳያስ ኮነ ኢሉ ዕላማታቱ ንምዕዋት ፣ ኣብ መንጎ ኣህዛብ ዝፈጥሮ ብቀሊሉ ዘይፍወስ ቁስሊ እዩ ። ብብቑዕ ድማ ንሱቱር ዕላማታት ኢሰያስ ዘቃልዕ ተግባራት ኢዩ።*

*እንተ ኣብ ሱዳን ዝተኻየደ፣ "ሓርነት፣ ሰላም፣ ፍትሒ" ግድን ትወድቕ (ታሰቁጥ ባስ) ዝብል ጭርሖታት ዘልዓለ ህዝባዊ ሰውራ ብዞና ይኹን ዓብለም ለኻዊ ደረጃ ካብቲ ናይ ኢትዮጵያ ሰውራ ዝያዳ ዝላዓለ ደገፍ ዝረኸበ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ወታሃደራዊን በርገሳዊ ሓይሊታትን፣ ፖለቲካዊ ሰልፈታትን ንጭርሖታት ሰውራ ብምድጋፎም ኣብ ምንጎ ኩሎም ኣካላት ብምንጎንነት ሃገራት ኣፍሪቃ ነዊሕ ግዜ ዝወሰደ ዘተ ብምክያድ፣ ኣብ መወዳእታ ወትሃደራትን በርገሳዊ ኣካላትን ዘጠቓለለ ልዑላዊ ባይቶን (ማጅልስ ሰያዲ)፣ ከምኡ'ውን ካብቶም ብሓይሊታት ሓርነትን ለውጥን ዝፍለጡ ፖለቲከኛታት ዝተመርጹ በርገሳዊያን ሚንስትራት ቆይሞም።*

*እዚ ብግዳም ብሰኒት ዝተቀርጸ ዝመስል ትካል መንግስቲ፣ ኣብ ምምራሕ ትካላት ሰውራ ድኽመት ገጢምዎ ነቲ ቀንዲ ደራኺ ምኽንያት ሰውራ ኮይኑ ንስርዓት ዑመር ሓሰን ኣልበሺር ዘውደቀ ቁጠባዊ ሽግራት፣ ፍታሕ ከምጽእ ኣይካኣለን። ኣብ ዝቐጸለ መድረኽ ናይ'ቲ ሰውራ ድማ ጸጥታዊ ድኽመት ተራእዩ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ዞናታት ሕብረተሰብኣዊ መልክዕ ዝሓዘ ግርጭታት ኣጋጠመ። ቀንዲ ካብኡ ድማ ኣብ ምብራቅ ሱዳን ዝተራኣየ እዩ ።*

*እቲ ዘሕዝን ድማ ገለ ዉሱናት መራሕቲ ዓሌታትን ጸጥታዊ ኣካላትን ፣ ኣብ ማሕበራዊ መራኸብታት ዝነጥፉ ጻሓፍትን ነቲ ግርጭታት ስለ ዘጓሃሃሩዎ ፣ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ጉጅለታት ምንዳድን ምቅታልን ተኻይዱ፣ ብዙሓት ንጹሃት ሰባት ተጎድኦምን ንብረታት እውን ዓንዩ።*

*እዚ ጥራሕ ከይኣክል፣ እዚ ትርጉም ኣልቦ ዝኾነ ቅልውላው ካብ ዓመት ንላዕሊ ቀጺሉ፣ ኣብ ጸለመን ምክፋእ በኒ ዓምርን ሓባብን ተኣትዩ፣ ክሳብ ንሱዳናዊ መንነቶም ዝትንክፍ ቢሂላት ክስንዘር ጀመረ። ኤርትራዊያን ስደተኛታት መንነት ሱዳን ተዋሂቡዎም መሬትና ወሪሶምዎ'ውን ተባሂሉ። ኣብ ልዕሊ ተቃወምቲ ሓይልታት ኤርትራ ክይተረፈ ናይ ሓሶት ክስታት ጸለምን ታኣሊሙ። እቲ ዘገርም ድማ ገለ ካብ'ቶም ኣብ ከምዚ ዝኣምሰለ ክፍኣት ዝነጥፉ ደገፍቲ ናይቲ ዝሓለፈ ስርዓት ዝነበሩ ምኧኖም እዩ ። ቀንዲ ዕላማኦም ድማ በቲ ዝፈጸሙዎ ፖለቲካዊ ገበናት ከይፍረዱ መሸፈኒ ክኾኖም ዝኽእል ቅሉውላው ንምፍጣር እዩ ።*

*ኣብዚ ጉዳይ ስለምንታይከ ንካልኣት ሕብረተሰባኣዊ ኣካላት ሓዲግካ ንበኒ ዓምርን ሓባብን ምጽላም ተመሪጹ ንዝብል ሕቶ ንምምላስ፣ መጀመሪያ በኒ ዓምርን ሓባብን ኣብ ቁጠባዊን ትምህርታዊ መዳይን ካብ ዘረጋገጹዎ ምዕባለ ዝመጸ ቅንኢ ክኾውን ይኽእል። ከም ርእይቶይ ቀንድን ኣገዳሲ ምኽንያት ኮይኑ ዝራኣየኒ ግን ፣ ሕብረተሰብ በኒ ዓምርን ሓባብን ምስ ምዕራብ ኤርትራን ሰሜናዊ ምዕራብ ኤርትራን ዘይካሓድ ሕብረተሰብኣዊን ጆግራፊካዊ ዝምድናታትን ስለዘሎዎም ኣብ መንጎኦምን ኣብ መንጎ ሕብረተሰብ ኤርትራን ምትእስሳር ብምህላዉ እዩ። ከምቲ ኣብ ዝተፈላለየ ዶባት ሃገራት ኣፍሪቃ ዘሎ ድማ ፖለቲካዊ ዶባት ናይ'ዘን ሃገራት ዝሓንጸጹ ባዕዳዊያን ገዛእቲ ሕብረተሰብኣዊ ሓድነት ናይ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ዝሓለወ ስለዘይነበረ ፣ ገለ ሃገራት ሳልሳይ ዓለም ነዚ ከምዚ ዝኣምሰለ ተርእዮታት ከም ፍጹም ዘይየራኽብ መንደቕ መታን ክጥቀሙሉ፣ ኣብ መንጎ'ቶም ሓደ ታሪኽን ዝምድናን ዘሎዎም ሕብረተሰብ ምፍልላይ ንምፍጣር ክሳብ ኣብ ደም ምፍሳስ የብጽሑዎም ።*

*ይኹን እምበር ኣብ ክልቲኡ ወገናት ዶብ ዘሎዉ ባኒ ዓምርን ሓባብን ነዚ ብገዛእቲ ዝታሓንጸጸ ክውንነትን ካብ ካልኦት ዝያዳ ፣ ብግቡእ ብምሕላው ብኣወንታ ተጠቒሞሙሉ እዮም ። ንኣብነት ኣብ ምብራቅ ሱዳን ብናይ ዓረብ ኡርጣ ዝጽዋዕ ናይ መጀመርያ መሰረት ምህናጽ ሰራዊት ሱዳን ዝኾነ ወታሃደራዊ ኣሃዱታት ዝመሰረቱ ንሳቶም እዮም ። እዚ ድማ ገለ ሱዳናዊያን ከኣምዎ ዘይደልዩ ጉዳይ እዩ ። ብተመሳሳሊ ኣብ ምጅማር ሰውራ ኤርትራ ልሉይ ግደ ከም ዝነበሮም ኩሉ ዝፈልጦ ኢዩ። ስለዚ ድማ በኒ ዓምርን ሓባብን ኣብ ክልቲኡ ሃገራት ፣ ካብ*

ካልኦት ኣካላት ዝያዳ ምስ ታሪኻዊ ተረኽቦታት ምትእስሳር ዘሎዎም ሕብረተሰብ እዮም ። ኣብዝን ኣብትን ግርጭታት ዝፈጥረሎም ምኽንያታት ድማ እዚ እዩ። ኣብ ልዕሊ እቲ ዝተጠቕሰ ምኽንያታት ስለምንታይ በኒ ዓምርን ሓባብን ብሕማቅ ዝላዓሉ ዝብል ሕቶ ክምለስ ይካኣል።

ኣብዚ ክጠቕሶ ዝድሊ ጉዳይ፣ ስርዓት ኢሳያስ ካብ ነዊሕ ግዜ ኣትሒዙ ብጸጥታውን ስለላዊ መርበባቱን ኣቢሉ ኣብ መንጎ በኒ ዓምርን ሓባብን ኤርትራውያን ስደተኛታት ብሓደ ወገን፣ ኣብ መንጎ ካልኦት ኣብ ምብራቅ ሱዳን ዝርከቡ ሕብረተሰብኣዊ ክፍልታት ድማ ብካልእ ሸነኽ ምፍልላይን ምፍሕፋሕን ንምፍጣር ክነጥፍ ጸኒሑን ኣሎን።

ንትግራይ ይኹን በኒ ዓምርን ሓባብን ብደረጃ ሃገሮም ዝካየድ ግርጭታት ውሽጣዊ ጉዳያቶም ስለዝኾነ ንጎኒ ሓድግካ፣ ስለምንታይ እዩ ኢሳያስ ንትግራይን በኒ ዓምርን ዝቁስቅሶም? እዚ ጉዳይከ ኣብ መጻኢት ኤርትራ ክሳብ ክንደይ ጽልዋ ክህሉዎ ይኽእል ዝብል ሕቶ ኣብ ምምላሽ፣ መሬት ክልል ትግራይን፣ መሬት ምብራቕ ሱዳንን ምስ ኤርትራ ዝዳወብን ሕብረተሰብኣዊ ምትእስሳር ስለ ዘሎዎ እዩ እብል። ህዝቢ ኤርትራ ጸገማት ምስ ዘጋጥሞ፣ ኣብ ግዜ ሰውራ ይኹን መዋእል ግዝኣት ኢሳያስ ዝዕቆበሉ ኣሙን ቦታኡ ስለዝኾነ'ውን እዩ ። ነዚ ሓጋዚ ዝኾነ ዝምድና ንምብልሻው ዝህቅን ኣካል ድማ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራን ልኡላውነት ሃገሩን ውዲት ዝኣልም ሰብ ጥራሕ ክኾውን ኣለዎ ።

ኢሳያስ ድማ ነዚ ከምዚ ዝኣምሰለ ዝምድና ንምብልሻው ካብ ዝደልዩ ኣካላት ሓደ እዩ ። ስለዚ እዩ እምበኣር እምባኣር ነዚ ዝምድናታት ንምብልሻው ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ኢትዮጵያዊያን ኢዱ ብምእታው ጻረ ወያኔ ዝተዋገኤ። ብተመሳሳሊ እዩ ድማ መንጎ በኒ ዓምርን ሓባብን ካልኦት ኣብ ምብራቅ ሱዳን ዝርከቡ ወገናትን ምፍልላይ ንምፍጣር ጻዕሪታት ዘካይድ ዘሎ። እዚ ድማ ብርግጽ ነቲ ጻረ ህዝቢ ኤርትራን ልዑላውነት ሃገሩን ዝኾነ ዕላማኡ ንምዕዋት ፣ ህዝቢ ኤርትራ ውዲታቱ ንምብዳህ በቲ ስትራቲጂካዊ ደጀኑ ህያው ዝኾነ ምቹእ ዝኾነ ከባቢኡንኸይጥቀም፣ ምስ'ቶም ጎረባብቱ ዝኾኑ ዝምድናታቱ ተበላሽዩ ከምዝበታተኽ ዝገብር ዘሎ።

ብርግጽ ድማ ኢሳያስ ንናጽነት ኤርትራ ንምትዕንቓፍ፣ ህዝባ ንምብራርን ፣ ዝምድናታታ ምስ ካባቢኣ ብምብልሻው፣ ኣብቲ ቅድሚ ነጻነት ዝነበረ ኩነታት ንምምላስን እዩ ዝሰሪሕ ዘሎ። ኣይኮነን ዝብል ሰብ እንተሎ ድማ እንታይነት ስራሕ ኢሳያስ ኣብተን ዝሓለፋ ሰላሳ ዓመታት ክገልጸልና ይግባእ።

ኣብ መደምደምታ ነቶም ለባማት ሱዳናዊያንን ብፍላይ ድማ ኣብ ምብራቁ ፣ ከምኡ ድማ ንኢትዮጵያውያን ኣብ ክልል ትግራይ ዝብሎ ነገር እንተሎ ፣ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ጎረባብቱ ዘሎዎ ኣኽብሮት ዓብይ እዩ ። ፈታው ሰላምን ተሳኒዩ ናይ ምንባር ድልየት ዘለዎን ህዝቢ እዩ ። ብባርዕ ናይ ውግኣት ዝያዳ ዝተለብለበን ፣ ትርጉም ናጽነትን ክብረትን ናይ ምትሕብባር ጠቓሚ ምስ ጎሮባብቲ ሃገራትን ኣጸቢቑ ዝፈልጥ ህዝቢ እዩ እንተበልና ምግናን ኣይኮነን ። ሕጂ እውን ከም ቀደሙ ፍታው ሰላምን ስኒትን ምትሕብባርን እዩ ። ምእንቲ ነጻነቱን ልዑላውነት ሃገሩን መስዋእቲ ክኸፈል ድማ ቅሩብ እዩ ።

በዚ ኣጋጣሚ ኩሎም ህዝብታትን መንግስታት ናይዚ ዞና፣ ከምኡ'ውን መላእ ዓለም ፣ ኢሳያስን ሰዓብቱን ኣብ ግዜ ውግእ ይኩን ኣብ ግዜ ሰላም ንህዝቢ ኤርትራ ወከልቱ ከም ዘይኮኑ ክፈልጡ ኣለዎም ። ህዝቢ ኤርትራ ድማ ነዞም ገበነኛታት ጉሒፉ ሓቀኛ ጠቅሙን ድልየታቱን ዘረጋግጽ ስርዓት ክተክል እዩ። ክሳብ እታ ዕለት ድማ ፣ ኩሎም ቅኑዓት መንግስታትን ናይዚ ዞና ህዝብታትን ንህዝቢ ኤርትራ ብተግባራት ኢሳያስ ከይፈርዱዎን ፣ህላወ ናቱ ተጠቒሞም ምስኡ ንልዑል ጠቕሚ ህዝቢ ኤርትራ ዝጎድእ ስምምዓት ከይገብሩን እላቦ።

